**ንህግደፍ ጸግዒ ገይሩ ላዕለዋይ ኢ.ድ ከም ዝሓዘ ዝንገረሉ ሓደ ክፋል ካብ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ፡**

**ካብ ሕጊ ወጻኢ ስለ ዝኸደን ብዓለም ኣብያተ ክርስትያናት ስለ ዝተኾነን፡ ኣብ ቅዱስ ቦታ ክኣቱ ከምዘይፍቀደሉ ተፈሊጡ**

እዚ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ካብ ትምረሓሉ ሕግን ስርዓትን ወጻኢ፡ ንጉጅለ ህግደፍ ጸግዒ ብምግባር ሕጋዊ ፓትሪያርክ ካብ ስልጣኖም ኣውሪዱ ብካልእ ከም ዝተከአን ዓገብ ንዘብሉ ድማ ብምውጋዝን ብምውጋድን ሓንቲ ቤተ-ክርስትያን ናይ ወጻእን ናይ ውሽጥን ተባሂላ ኣብ ክልተ ክትክፈል ገይሩ ዝተባህለ ሸነኽ፡ ኣብ ሃገረ እስራኤል ኣብ ዝርከብ ቅዱስ ቦታ በጺሖም ሃይማኖታዊ ኣገልግሎት ክህቡ ዝለኣኾም ወከልቱ፡ ብተግባሮም ብኹለን ኣብያተ ክርስትያናት ዓለም ስለ ዝተወገዙ፡ ካብ ንቡር ወጻኢ ኣብ ሆቴል ኣዕሪፎም ኣብኡ ቅዳሰ ከም ዘስምዑ ቀሺ የማነ ዝተባህሉ  መራሒ ሃይማኖት ምስ ረድዮ መድረኽ ኣብ ዝገብርዎ ቃለ-መጠይቕ ኣረጋጊጾም።

ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስትያን ሓንቲ'ያ። ብእምነት ደረጃ ዝፈላሊ የለን ዝበሉ እቶም ኣቦ፡ ንሕና ማለት እቶም ኣብ ደገ ዘለና ሕግን ስርዓት ይከበር ስለ ዝበልና ፖለቲካዊ ኢ.ድ ተሓዊስዎ ተወጊዝኩም ኣለኹም ኢሎምና፡ ዘውግዝ ተግባር ዝፈጸሙን ብኩለን ኣብያተ ክርስትያናት ዓለም ዝተወገዙን ክሳብ ኣብ ቅዱስ ቦታ ከይኣትው ዝተኸልከሉ ግን ንሳቶም'ዮም ክብሉ ሓቢሮም።

ብካልእ ዜና፡ ምስ'ቲ ኣብ 2013 ኣብ ኣስመራ ተኻይዱ ዝነበረ ዘይዕውት ወተሃደራዊ ፈተነ ብዝተተሓሓዘ ብሓይልታት ጸጥታ ጃንዳ ህግደፍ ኣብ  ቀይዲ ዝኣተው'ሞ ምኽንያቱ ብዘይተነጸረ ኣብ'ቲ ቤት ማእሰርቲ እንከሎ ዝሞተ ኣሮን ታደሰ፡ ሰለስተ ኣዋልድ ደቁ ናብ ስደት ክትከዳ ሓሲብክን ብዝብል ምኽንያት  ትካል ጸጥታ ህግደፍ ከም ዝኣሰረን ኣሰና ብ17 ለካቲት 2017 ኣብ ዝዘርገሓቶ ዜና ኣረዲኣ።

**ስዊትዘርላንድ ኤርትራዊ ስደተኛታት ንምቁጽጻር ዘውጸኣቶ መምርሒ**

**ብዝተፈላለዩ ወገናት ይንቀፍ ኣሎ።**

ሓደ ካብ ፍሉጣት ጠበቓታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት ዝኾነ ካናዳዊ ፍራንስዎ ክሬፑ፡ ስዊትዘርላንድ ኣብ'ዚ ቀረባ ኤርትራውያን ስደተኛታት ንዘይምቕባልን ንምቁጽጻርን  ዘውጸኦ መምርሒ ብትሪ ከም ዝነቐፎ ስዊስ ኢንፎ ሲኤች ዝተባህለ መርበብ ብ17 ለካቲት 2017 ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት ፈደራላዊ ቤት ፍርዲ ስዊትዘርላንድ፡ ንኹሎም እቶም ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ካብ ኤርትራ ናብ ሃገሩ ዝኣተወ ስደተኛታት ፖለቲካዊ ዕቑባ ንከይወሃቦም ዝኽልክል መምርሒ ከም ዘውጸአ፡ ምኽንያቱ ከኣ ካብ ኤርትራ ሃዲምካ ስዊትዘርላንድ ምእታው ጥራሕ ፖለቲካዊ ዕቑባ ኣየውህብን፡ ናብ ኤርትራ ከም ድላይካ  እናኣተኻን እናወጻእካን ፖለቲካዊ ዕቑባ ይወሃበኒ ማለት ሕጋዊ ይኹን ፖለቲካዊ መመኽነይታ ኣይርከቦን ካብ ዝብል ከም ዝኾነን ኣፍሊጡ።

እቲ ላዕለዋይ ጠበቓ፡ ስዊትዘርላንድ ኣብ ጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ካልኦት ሃገራት ዝተፈልየ ብሃውሪ ስጉምቲ ክትወስድ ኣይግባእን። ካብ ናይ ሃታ ሃታ ውሳነ ጥንቃቑ ምግባር ዝበለጸየ ኢሉ።

## ኣብ ሃገረ እስራኤል ዝርከቡ ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት፡

## መሰል ፖለቲካዊ ዕቑባ ክኸበረሎም ዝሓትት ሰላማዊ ሰልፊ ኣካይዶም።

**መብዛሕቲኦም ኤርትራውያን ዝኾኑ ልዕሊ 1000 ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት፡ ተዳጕነምሉ ካብ ዘለው ሖሎት ዝተባህለ ክፉት ቤት ማእሰርቲ ተበጊሶም፡ ኣብ ኢዮሩሳሌም ዝርከብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ እታ ሃገር ቀሪቦም፡ ካብ ተዳጕነምሉ ዘለው ክወጽኡ፡ ናይ ምስራሕ ዕድል ክፍጠረሎምን መሰል ፖለቲካዊ ዕቑባ ክረኽቡ ከም ዝሓተቱን ኣብ ንሓርነት ኦርግ ዝተረኽበ ዜና ኣረዲኡ።**

**እቶም ሰልፈኛታት ነቲ እሱራት ምዃኖም ዝሕብር ዝተዋህቦም መለለዪ ኣብ ክሳዶም ኣንጠልጢሎም፡ ናብ " ክኔሰት" ሃገራዊ ባይቶ እስራኤል ከይዶም፡ ንምጥራዞም ዘንጸላልዎም ዘሎ ሓደጋ ምኽኑይ ከም ዘይኮነ፡ እቲ ናብ ሳልሰይቲ ሃገር ምጥራዝ ዝብል ፖሊሲ መንግስቲ እስራኤል ፈጺሙ ከምዘይሰርሕ ምግላጾም ብ18 ለካቲት 2017 ዝተረኽበ ዜና ይሕብር።**

**እቶም ሰላማዊ ሰልፊ ዝገበሩ ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት፡ ዜጋታት ኤርትራ፣ ሱዳን፣ ሩዋንዳ፣ ኡጋንዳ ከም ዝርከብዎም ተፈሊጡ ኣሎ።**

**ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 20-02-2017**